# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.128 ሰሉስ 28 ጥሪ 2025 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2



ጽምብል ሲመት ወተቀብኦ ብጹእ ...

ገጽ 3



ገጽ 4

ርክብ ኣቢልካ ምፍታው...



ገጽ 5



ሄራን ምስ ኣቦኣ ንክትራኸብ

ገጽ 7

ዙር-ዳውን ኣንደርተዛዚሙ



# ጽምብል ስርዓተ ሲመት 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ተፈጺሙ



ሰኣሊ. ኣብርሃም በየነ



ሰኣሊ. ኣብርሃም በየነ

ጽምብል ስርዓት ሲመት ወጸሎተ ተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ - 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብሰንበት 26 ጥሪ ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስት ማርያም ቤተ-ክርስትያን - ኣስመራ ብልዑል መዓርግ ተፈጺሙ።

ኣብ'ቲ ብሰልፊ ውሉደ ክህነትን ተመሃሮ መንፈሳዊት ትምህርቲ ሰንበትን ዝተሰነየ ስርዓት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኤርትራ፡ ላዕለዎት መራሕትን ተወከልትን ኣብል ጸባሓውያት ማለት ኦሪንታል ኣብያተ-ክርስትያን፡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲያውያንን፡ ከምኡ'ውን ኣባላት ጉዳያት ኤርትራ፡ ተወከልቲ ሃገረ ስብከታት ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሊቃነ መናብርቲ ሃገረ ስብከት ኣስመራ፡ ከምኡ'ውን መእመናንን መእመናትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ብመራሕቲ ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ስርዓተ ሲመት ወጸሎተ ተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ምስ ተኻየደ፡ ሓጺር ታሪኽ ህይወት ብጹእነቶም ተነቢቡ። ላዕለዎት መራሕትን ተወከልትን ኣብል ጸባሓውያት (ኦሪንታል) ኣብያተ-ክርስትያን፡ ከምኡ'ውን ሓለፍቲ ኣህጉራውን ዞባውን ናይ ክርስትና ውድባት ዝርከብዎም ናይ ክብሪ ዕዱማት ደሞ፡ ንኣብያተ-ክርስትያናትም ብምውካል ጸሎት ድሕሪ ምስማዕ፡ ማስቀል ቅዱሳትቶም እናተሳለሙ ሰናይ ምኞቶም ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ጸሎተ ቅዳሴ ብመራሕነት ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ ተፈጺሙ፣ ጸሎተ ቡራኬ ምስ ተዋህበ፡ ቅዱሳትቶም ካብ ርእሰ-ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ቤተ-ክርስትያን፡ ብልዑል መዓርግ ናብ ቤት-ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ኣምሪሖም።

ኣብ'ቲ ጽምብል፡ ላዕለዎት መራሕትን ተወከልትን ኣብል ጸባሓውያት ኣሓት ኣብያተ-ክርስትያን ማለት ግብጺ፡ ሩስያ፡ ግሪኽ፡ ህንዲ፡ ሶርያን ኣርመንያን፡ ከምኡ'ውን ቤት-ምኽሪ ኣብያተ-ክርስትያን ዓለም፡ ቤት-ምኽሪ ኣብያተ-ክርስትያን መላእ ኣፍሪቃን ቤት-ምኽሪ ኣብያተ-ክርስትያን ምብራቕ ኣፍሪቃን ዝበሃላ ቀላያትን ከምኡ'ውን ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ሓላፊ ዝምድናታት ወጻእን ፕሮቶኮላዊ ጉዳያትን ቀሺ በረኸት ኪዳ ገሊጾም።

ዋና ኣመሓዳሪ መንበረ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ኩሉና ከበልግሉ ዝጸንሑ ሊቀ ጳጳስ ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ፡ ብመሰረት ውሳነ ቅዱስ ሲኖዶስን ልሙድ ሕግታት ቅድስቲ ቤተ-ክርስትያንን ብ19 ታሕሳስ 2024 ኣብ ዝተኻየደ ጉባኤ፡ 6ይ ፓትርያርክ ኩሉና ከምእተመርጹ ዝዘከርዩ።

5ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ዝነበሩ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ቄርሎስ፡ ብ2 ታሕሳስ 2022 ኣብ መበል 96 ዓመት ዕድመኦም እያም ብሕማም ዓሪፎም።

# ጋሽ-ባርካ - ሚኒስተር ፍትሒ ምስ ሸማግለታት ዕርቂ ርክባት ኣካዪዳ

ሚኒስተር ፍትሒ ፈውዝያ ሃሽም፡ ኣብ መደባት ስራሕ ናይ'ተን ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝቖማ ሸማግለታት ዕርቂ ዘተኩረ ርክባት፡ ካብ 23 ክሳብ 25 ጥሪ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ሰልዓ፡ ከርከበት፡ ፎርቶሳዋን ደግን ኣካዪዳ።

ሚኒስተር ፈውዝያ፡ እቲ ርክባት - መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ 2022 ልኡላውነት ሕጊ ንምርግጋጽ ብሚኒስትሪ ፍትሒ ዝወጸ ኣገባብት ኣወሃህባ ፍርዲ ዝምልከት መምርሒታትን ኮም ዝሰረቱ ኣፈታትሓ ግርጭታትን ብምጽናዕ ሰፊትን ወህደትን ሕብረተሰብ ዘውሕሱ ጉዳያት ብቐረባ ዘደቅስን ንክብርታት ኣፈታትሓ ማሕበራዊ ግርጭታትን ምክልኻል ገበናትን ቀዳምነት ዝሁበን ኣገባብ ንምትእትታው ዝዓለመ መደብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ባህላዊ ክብርታቱ ዓቂቡ ኣብ ቀረባኡ ጉዳያቱ ዘደቅሰሉን ርትዓዊ ፍትሓዊ ኣገልግሎት ንኽረክብ ዝዓለመን ምዃኑ ኣዘኻኺራ።

ኣብ ብንኡሳን ዞባታት ሰልዓ፡ ከርከበት፡ ፎርቶሳዋን ደግን ዝጀመረ ርክባት፡ ኣብ'ተን ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ጋሽ-ባርካ'ውን ክቕጽል ምዃኑ ዝጠቐሰት ሚኒስተር ፈውዝያ፡ ሸማግለታት ዕርቂ ዕላማ ናይ'ቲ መደብ ብዝምልከ ተገንዚቦም፡ ክብርታት ሕብረተሰብ ብምዕቃብ፡ ማሕበራዊ ግርጭታት ብዕርቅን ምርድዳእን ዘደቅሰሉን ህዝቢ ካብ ዘይድሊ ሃልኪ ግዜ፡ ጉልበትን ገንዘብን ዝናገፈሉን ባይታ ኣብ ምፍጣር ብትግሃት ክሰርሑ ኣተሓሳሲባ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ጉዳያት ብሽማግለ ዕርቂ ክድቀሱ ንምግባር ዝተበገሰ መደብ ኑቲ ካብ ነዊሕ እዋን



ሰኣሊ. - ቀዳዊ ተወልደ

ኣትሒዙ ኣብ ሕብረተሰብ ዝተሰረተ ክብርታት ብምሕላው፡ ዜጋታት ኣብ ቀረባኦም ማሕበራዊ ክርክራት ብዕርቂ ዝፈትሑሉ ዕድል ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ንተግባራውነቱ ብዘወፋይነት ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ሪፖርታዥ

# ጽምብል ሲሙት ወተቀብኦ ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ 6ይ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኤርትራ

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ ሃለቃ)

26 ጥሪ 2025 ስርዓተ ሲሙት ወተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ 6ይ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኤርትራ ኣብ ቤተክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ደብረጽዮን ብልዑል መዓርግን ኣገባብን ተኻይዱ። እቲ ልክዕ ፍርቂ ለይቲ ዝጀመረ ጽምብል፡ ሰጦሳ ጉባኤ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ሊቃውንቲ ስብሓት እግዚኣብሄር ከበጽሑ ሓዲሮም። ሰዓት 4 ወጋሕታ ምስ ኮነ ድማ፡ ኣብምኔታት ጉዳማት ኤርትራ፡ ተወከልቲ ሃገረ ስበኸታት፡ ሊቃነ መናብርት ከምኡ'ውን ሃገረ ስበኸታት ኣስመራን ዓበይቲ ዓዲን ናብ ቅድስቲ ቤተ-ክርስትያን ደብረጽዮን ውሒዞም።



ብድሕሪዚ ኣቡነ ባስልዮስ ንብጹእነቶም ዝገልጽ ብጳጳሳትን ሊቃነ ጳጳሳትን ተኸቢቦም፡ ብኽብሪ ተዓጂቦም ግቡእ ስርዓተ ሲሙት ክፍጸመሎም ጀሚሩ። ኣማኢት ምእመናን ድማ ብመንፈሳዊ ዜማኦም ኣብ ርእሰ ኣድባራት ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም፡ ስርዓተ ጸሎት ፈጺሞም። ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ብወገኖም ብሊቃነ ጳጳሳት ተሰንዮም ስርዓተ ቅዳሴ ክሳብ ዝውእቱ ኣብጺሖም።

ካብ ሰዓት 7:00 ቅ.ቀ ንደሓር ድማ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ናይ ኦሪንታልን ኣብያተ ክርስትያናትን ዋና ጸሓፍቲ ኣፍሪቃን ዓለምን ከምኡ ድማ ዓበይቲ ቀሊያት ኣብ ጽምብልን ስዑስርዓትን ተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ንምስታፍ ናብ ቅድስቲ ቤተ-ክርስትያን ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ኣትዮም።

ኣብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስትያን ኣብ ዝበጽሕሉ ድማ፡ ዝበርሁ ጥዋፍ ሒዞም፡ ብጸዕዳ ልብሲ ዝማዕረጉ መንእሰያት ትምህርቲ ሰንበት፡ ኣብ ክልተ ዓበይቲ መስርዕ ተሰሊፎም ከበሮ እናሃረሙ ብመንፈሳዊ መዝሙርን ብናይ ክብሪ ሽብሸባን ተቐቢሎሞም።

ስርዓተ ሲሙት ወጸሎት ተቀብኦ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ ብልዑል መዓርግን መንፈስን እናተኻየደ፡ ሰዓት 7፡30 ቅ.ቀ ክቡር ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ሚኒስተራት፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣዘዝቲ ሰራዊት፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማስያዊ ኣካላትን ኣብ ዝተረኽብሉ ስዑ ስርዓት ሲሙት ወጸሎት ተቀብኦ ብመሪሕነት ቅዱስ ሲኖደስ ተኻይዱ። ኣብ'ዚ ሰዓት'ዚ ኣቡነ ባስልዮስ ብሊቃነ ጳጳሳት ተሰንዮም ኣኽሊል ክብሪ ደፊኦም። ኣብ'ዚ ምዕሩግን ሰሓቢ፡ ክብርን ጭውነትን ዝመልኦ ስሩ ስርዓት፡ ንንውሕ ዝበለ ግዜ ናይ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሊቃነ-ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ ካህናትን ዲያቆናትን ብሓፈሻ ምእመናን ድምጾም ክብ ኣቢሎም ብሰላቢ ቅኔ "ይደልዎ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ" ክብሉ እዮም ተሰሚዖም። እዚ ማለት ከኣ 'ይግበኦምዶ' ዝብል መልእኽትን ትርጉምን ዝሓዘለ ኩይኑ፡ እቶም ሊቃነ ጳጳሳት 'ይደልዎ' ክብሉ እንከለዉ፡ እቲ ህዝብን ካህናትን ድማ 'እወ ናይ ብሓቂ ይግበኦም' ክብሉ ባሪኾሞም።

ብድሕሪዚ እቶም ሊቃነ ጳጳሳት ን6ይ ፓትርያርክ ሃገረ ኤርትራ፡ 'ብዘለኩምን ቅዱስ ኣገልግሎትኩምን፡ ንህዝበኹምን ሃገርኩምን ከተገልግሉ ንሾመኩም ኣለና" ብምባል ብቅዱስ መስቀሎም እዮም ባሪኾሞም። ቀጺሎም'ውን እቶም ብጹኣት ኣቦታት፡ ናይ ክብሪ መዓርግ ልብሲ ኣልቢሶሞም። ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ብንጹህነቶምን ሓቅነቶምን ንህዝቦምን ሃገሮምን ክንሰዩ በቶም ብጹኣን ኣቦታት፡ ብኽብሪ ኣኽሊል ደፊኦምን መስቀል ናይ ኢድ ተቐቢሎምን።

ቀጺሎም ኦሪንታል ኣብያተ ክርስትያናት ግብጺ፡ ግሪኽ፡ ህንዲ፡ ኣርመንያ፡ ሶርያ፡ ሩስያ..... ብተርታ በብቛንቋኦም ንቅዱስነቶ እዞም ኣቦ ልዑል ፈጣሪ ሓይሊ ክህቦም ስዑስርዓት ጸሎተ ሲሙት ኣካይዶምሎም። እቲ ስዑስርዓት ብልዑል መዓርግን ክብ ዝበለ ድምቀትን እናተኻየደ እንከሎ ድማ፡ ንምእመናን ብዘዮም ንኽኣልዩን ንኽመርሖን በትሪ



ጉስቶት ካብ ኣቡነ ሉቃስ ዋና ጸሓፊ ቅዱስ ሲኖዶስ ተቐቢሎም።

ብድሕሪዚ ኣቡነ ባስልዮስ ናብታ ብኣምሳልን ምልክትን ሰለስተ ስላሴ ዝተዳለወት ሰለስተ ደረጃታት ዝሓዘት መድረኽ በቡሓደ እናደየቡ ብወግዒ ናብ ዝፋን ፓትርያርክነት ደዪቦም። እቲ ናይ ተቀብኦ ስዑስርዓትን ኣገባብን ምስ ተዛዘመ ድማ፡ ኣቡነ ባስልዮስ ኣብ ዝተዳለወሎም ናይ ዝፋን ቦታ ብምቕማጥ ብማስቀለም ንኹሎም ተሳተፍቲ ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ባሪኾሞም። ብምቕጻል መልእኽቲ ሲኖዶስ ብኣቡነ ዮሓንስ እዩ ተነቢቡ። እቶም ኣቦ ኣብ መግለጺኦም፡ ኣቡነ ባስልዮስ ኣቡዚ ዕሉት ረዚንን ዓበን ሓላፍነት ተሰኪሞም ከም ዘለዉ ገሊጾም።



ብድሕሪዚ፡ ብጹእ ወቅዱስ 6ይ ፓትርያርክ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊ፡ "ብእምነት ጸኒዖም፡ ብሕጊን ሃይማኖትን ብቐኑዕ ሕልናን ልብን ብዝዩ ኣፈላላይ ንህዝቦም ክንስዩ ኣብ ቅድሚ ህዝብን መንግስትን ኣማኢት ምእመናን ቃሉ-ማሕላ ፈጺሞም። ልዑል ፈጣሪ ከኣ፡ ናይ ሓይልን ጸጋዎትን መንፈስ ክህቦም ተመንዮም። ከም መግለጺ ሓጎስ ድማ ካብ ምእመናን ደሙቕ ዕልልታን ጨብጨብን ተደርጒሓሎም።

ብመሰረት ሕጊ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ዓንቀጽ 83፡ ሓባራዊ ፕሮቶኮላዊ ስምምዕ ኣብ ግብጽን ኤርትራን ነፍሲ-ወከፍ ቤተ-ክርስትያን ናይ ጉዳእ ርእሳ ፓትርያርክ ናይ ምምራጽ ናጽነት ኣለዋ። ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ድማ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመታት 5 ፓትርያርክ ምሻማ ይዝከር።

ሰዓት ትሽዓተን ፈረቓን ምስ ኮነ፡ ድሕረ-ባይታ ማለት ታሪኽ ህይወት 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ሃገረ ኤርትራ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ እዩ ተነቢቡ። ኣቡነ ባስልዮስ ካብ ግዜ ቍልዕነቶም ኣብ ጉዕዞ መንፈሳዊ ህይወቶም ዘዘበርዎ ዓበይቲ ሃይማኖታዊ፡ ልምዓታዊ፡ ትምህርታውን መንፈሳውን ዕዮታት ቀሪቡ። ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ከም ሰብ፡ ንስለ ክብሪ ባህልን ሃይማኖትን፡ ፍቕርን ሓድነትን ህዝቦምን ሃገሮምን ዘበርከቱዎ መንፈሳዊ ዓቢ ዕማም ብዝርዝር ተገሊጹ።

ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ቦታ ብምኳና ምስ ፈጣሪ እትራኸበሉ ቤት ጸሎት እያ። ስለዝኾነት እያ ድማ ቅዳሴን ጸሎትን ብምግባር ሃይማኖታዊ ኣገልግሎት እትህብ። ቤተ-ክርስትያን ደብረጽዮን ቅድስቲ ማርያም ድማ ኣብዚ ምዕሩግ ኣጋጣሚ መበራህቲ ጥዋፍን ዓበይቲ መስቀልን ብዙሓዙ ምእመናን፡ ብመንጸፍ ክብሪ ኣገጻ ብመንፈሳዊ ኣሳእልን ባንዴራ ኤርትራን ማዕረጋ እያ ወዒላ።

ብምቕጻል ዝሰዓበ መደብ፡ ናይ ኣህጉራውን ዞባውን ውድባት ልኡኻትን ሊቃነ-ጳጳሳትን ናይ 'እንቋዕ ኣሐጎሰኩም' መልእኽቲ የሃናን ምስጋናን ኣቕሪቦም። ንኽብሪ 6ይ ፓትርያርክ ድማ ዝተፈላለዩ ገጸበረኸት ካብ ኢድ ብጹኣን ኣቦታት ንኣቡነ ባስልዮስ ተረኪቡ።

ብድሕሪዚ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ምስ ኮነ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ኣቡነ ባስልዮስን ንኽብሪ እዚ በዓል ዝተሳተፉ ኣጋይሽ ሊቃነ ጳጳሳትን ሰላምታ ብምልውዋጥ ናይ ሓባር ስእሊ ወሰዱ። ብዕልልታን ጭብጨባን ተሰኒዩ ድማ ካብ ኣደራሽ ቤተ-ክርስትያን ቅድስቲ ማርያም ምስ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ብሓባር ብኽብሪ ተፋነዉ። ስርዓተ ሲሙትን ጸሎትን እዚ መደብ ድማ ብሊቃውንቲ ክሳብ ፍርቂ መዓልቲ ቀጺሉ።

እቲ ጽምብል ምስተዛዘመ፡ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ብዕልልታ ምእመናን፡ ብመዝሙርን ሽብሸባን ጳጳሳት፡ ሊቃነ ጳጳሳት፡ ካህናት፡ ዲያቆናት፡ ትምህርቲ ሰንበትን ዕዱማት ኣጋይሽን ከምኡ ከኣ ብስልፊ ሞቶር ሳይክል መካይንን ተዓጂቦም፡ ካብ ቀጽሪ ቅድስቲ ቤተ-ክርስትያን ደብረጽዮን ናብ ቤት ጽሕፈት ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን መንበረ ፓትርያርክ ኤርትራ ኣምሪሖም። ኣብ ዝሓለፉሉ ጐደናታት ድማ ህዝቢ ብጨብጨባን ዕልልታን ሓጎሱን የሃናኡን ገሊጹሎም። ኣብ'ቲ ኣብ ቀጽሪ ቤት ጽሕፈት መንበረ ፓትርያርክ ስቲ ተኻኢሉ ዝተሰርሐ ዓቢ ዳስ ምስ በጽሑ ድማ፡ ኣብ ዝተዳለወሎም ናይ ክብሪ ቦታ ተቐሚጦም።



ኣብ መወዳእታ፡ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ምእመናንን ናይ ክብሪ ዕዱማት ኣጋይሽን ነቲ ብኣቡነ ባስልዮስ ተባረኸ ኣብ'ቲ ዳስ ዝተዳለወ ሽሻይ እንግዶት ተቛዲሶም።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተሰፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሓበን ገብረኣምላኽ
ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ጽምብል ስርዓተ ሲመት 6ይ ፓትሪያርክ

















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ- ኣክሊሉ ዘርእዝጊ
ኣብርሃም በየነ

# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ርኽብ ኣቢልካ ምፍታው፡ ፍትው ኣቢልካ ምትርጓም

*ኣብቲ ካብ 4 ክሳዕ 6 ጥሪ ኣብ ኣስመራ ዝተኻየደ "ኣህጉራዊ ዋዕላ መጸናዕቲታት ኤርትራ"፡ ንሓፈሻዊ ገምጋም ሕትመትን ዕዮ-ትርጉምን ሃገርና ዝድህስስ ሓበራዊ ዘተ ተኻይዱ ነይሩ። ተዛተይቲ፤ መምህር ራሄል ኣስገዶም፡ ስታዝ ሓሰን ሸሪፍ፡ ስታዝ ፀሱፍ እድሪስ፡ መምህር ደስበለ መሓሪ ነይሮም። እዞም ኣብ ዓውዲ ስነጽሑፍ ነዊሕ ተመኩሮ ዘለዎም ሞያውያን እዚኦም፡ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ዓውዲ ዘለዎም ኣፍልጦን ተመኩሮን ንተሳተፍቲ ኣካፊሎም። መምህር ራሄል፡ ኣብ ዕዮ ትርጉም ናብ ቋንቋ ትግርኛ፣ ስታዝ ሓሰን ተመኩሮ ዕዮ ትርጉም ናብ ቋንቋ ዓረብ ኣብ ሃገርና፣ ስታዝ ፀሱፍ ሌላ ምስ ኣብ ምርምርን ስነዳን ዘሎ ስነዳት ብቋንቋ ዓረብ፡ መምህር ደስበለ ድማ ኣብ ዕዮ ትርጉምን ሕትመትን ዘለዎም ትዕዝብትን ገምጋምን ኣቕሪቦም። ንሎሚ ጽማቕ ናይቲ መምህር ስነጽሑፍ ራሄል ኣስገዶም ዘቕረበቶ ትሕዝቶ ነቕርበልኩም።*

*****

ኣነ ኣብዚ ክልተ ነገራት ኣለ ኣለኹ፤ ዕዮ ትርጉም ስራሕን ፍቕርን እዩ። 'ፍቕሪ ስራሕ፡ ስራሕ ፍቕሪ' ክልቲኦን ኣርእስቲ ምስ ምትርጓም ኣተሓሒዘ ኣቕሪበየን ኣለኹ። "ፍቕሪ" ክብል እንከለኹ እትመጽኣኒ ቀዳመይቲ ስእሊ "ኣደ" እያ። ኣደ ንፍቕሪ ወይ ንትርጉም ፍቕሪ ጽቡቕ ገይራ ትሳብሶ'ያ እብል። ምስ ፍቕሪ እንተላን ሃጠን ኣሎ፣ መስዋእቲ ኣሎ፣ ምቕባል፡ ምሃብ፡ ምሕዳግ ኣሎ፣ ምጽዋር ከኣ ኣሎ። ፍቕሪ ከሉ ግዜ መንገዳ ሓቂ'ዩ። ትህብ፡ ትቕበል፡ ትጻወር፡ ትጻዋወር። ፍቕሪ ከሉ ግዜ መንገዲ ተትሕዝ፡ ሓቂ ትፈቲ፣ ዝኮሓፍ ጉሒፋ ዝዕቀብ ትዕቅብ፡ ከምኡ'ውን ትሃንጽ፡ ትእርም፡ ትገንሕ፡ ትግዕጽ፡ ትኣቅፍ . . . እዚ ኹሉ ኣብ ትሕቲ ፍቕሪ ይመጽእ።

ስራሕ ክንብል እንከለና ኾኣ ጻዕሪ ኣሎ፣ ሃልኪ ኣሎ፣ ድኻም ኣሎ፣ ዓቕሊ ኣሎ፣ ምውዳቕ ኣሎ፣ ምትንሳእ'ውን ኣሎ። ናይ ፍቕሪ ስራሕ ምስ ዝኾውን ከኣ ወዲቕካ ምትሳእ እቲ ዝለዓለ ወጽኢቱ'ዩ። ኣብ ስራሕ ምፍታን ኣሎ፣ ደጋጊምካ ምፍታን'ውን ኣሎ። እዚታት ኣብ ትሕቲኣ "ስራሕ" ኢልና ዘለኹ ነጠቓልሎ ኢና። ስለዚ፡ ዝበን ክልተ ኣምራት ምስ ስራሕ ትርጉም ከተሓሕዘን እፍትን። ስራሕ ትርጉም ዝበን ክልተ ዘጠቓልል'ዩ፤ ፍቕርን ስራሕን። ስራሕ'ዩ፣ ናይ ፍቕሪ ምስ ዝኾውን ከኣ ኣድማዒ ስራሕ'ዩ።

ንጻዕሪ እንተ ደኣ ፍቕሪ ተሓዊሱዎ፡ ፍረ ናይቲ ድኻም፡ ናይቲ ጻዕሪ ብትዕግስቲ ትጸቢ። ንግዚያዊ ረብሓ ኣልካ'ውን ኣይትሰርሕን። ፍረ ስራሕካ ኾኣ ብዋጋ ዘይትመን ይኸውን። ክጽዕ'ቲ ዝርከብ ናይ ገዚእ ረብሓ ዝርኣ ካልእ ዝዓበየ ረብሓ ትርኢ። ስለዚ፡ ስራሕ ትርጉም በዚ'ዩ ክርእዮ ዝፍትን። ተርጎምቲ ንምንታይ እዩም ዝትርጎሙ እንተ ርኢናዩ፡ ንገዚእ ኢሎም መቸም ኣይኮኑን። ተርጎምም ዝኣብዘሙ ወይ ክህብትሙ ኢሎም ዝተርጎሙ ኣይመስለንን። ስለዚ፡ ክጽዕ እዚ ዝሰይድ ዕላማ ኣለዎም ኢልካ ትሓስብ።

ብዙሕ ግዜ ንስራሕ ትርጉም ኣቃሊልካ ናይ ምርኣይ ዝንባለ ይርኣ'ዩ። ጸሓፊን ተርጓሚን ክንብል እንከለና፡ ኣየናይ ይቕልል? ናይ ጸሓፊ ስራሕዶ ወይስ ናይ ተርጓሚ ስራሕ ይቕልል? ክትርጉም እንከለኻ ኣቕዲሙ ዝተሰርሐ ዕዮ ኢኻ እትልውጥ። ካብኡ ናብኡ እዚዶ ይቕልል ይኸውን? ወይስ ክትትርጉም እንከለኻ ዝያዳ ሓላፍነት ይህልዎ ይኸውን? ዝበል ከም ኣርእስቲ ኣልዒልና ክንመያየጠሉ ንኽእል እመስለኒ። ግን ንምንታይ ትትርጎም? ዝበል ሕቶ ክልዓል እንከሎ፡ ክጽዕ ግዜያዊ ወይ ንዋታዊ ረብሓ ዝሰይድ ረብሓ ኣሎ።



ሎሚ ብፍላይ፡ ምስ ምዕባለን ምስ ህላወ ማሕበራዊ መራኸቢታትን፡ ሰብ ከየንበበ፡ ርእሱ ብንባብ ከይመልአ፡ ኣብ ጫቝ-ጫቝን ዘረባን ኣብ ዘለወሉ፡ ምዕባለ ኣምጺኡ ኾኣ እቲ ክብርታትና እንበሎ ብቐልጢፍ ኣብ ዝሰጋገረሉን ዝጽለወሉን ዘሎ፡ "ጽቡቕ - ሕማቕ፣ ሕማቕ - ጽቡቕ"፡ ዝልወጠሉ ዘሎ እዋን፡ ኣብ ቀጻሊ ምትርጓም ዘለና ኾይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ምስ ገዛእ-ንብስና፡ ምስ ደቅና፡ ምስ መንእሰያትና፡ ኣብ ምርድዳእ ክንበጽሕ እውን ኣብ ቀጻሊ ምትርጓም ዘለና ኮይኑ ይርኣየኒ። ንኣብነት፡ ናይ ደቅና



ሓሳባት፡ ደሊታት ክንርዳእ፣ ኣብ ምትርጓም ዝበልዎን ዝደልዮምን ኣለና። ምስኣቶምከ ብኸመይ ኣገባብን መንገድን እንተ ተበዝሓልና ይሓይሽ? ክብርታትና ብኸመይ ናብኣቶም ንስርጽ? ብኸመይ ንበጽሖ? እናበልና ብቐጻሊ ኣብ ምትርጓም ዘለና ኾይኑ ይስምዓኒ። ምስ ገዛእ-ርእስና፡ ምስ ደቅና፡ ተመሃሮና ክንረዳዳእ፡ ትርጉም ኣብ ንጠልበሉ ዘለና እዋን ኢና ዘለና። እንተ ውሓደ ንዓይ ከምኡ ኮይኑ'ውን ይስምዓኒ። ስለዚ፡ ኣብ ስራሕ ትርጉም፡ ብዛዕባ ገዛእ-ርእስና፡ ባህልና፡ ቋንቋና ከይተረፈ ኢና እንመሃር።

ካብ ካልእ ቋንቋ ናብ ቋንቋና ኢና እንትርጉም። ከምኡ ኣብ እንንበረሉ ድማ ብዛዕባ ቋንቋና፡ ባህልና እውን ብዙሕ ኢና እንመሃር። ኣብ እንትርጎመሉ፡ ብዛዕባ ባህሊ፡ ኣተሓሳስባ፡ ቋንቋ ናይ ክልቲኡ ቋንቋታት ስለ እንሓስብ፡ ብዞዖብኡ ብዙሕ ንመሃር ኢና። ተርጎምቲ ከሉ ግዜ ንኽልተ ጉይቶት እዮም ዝምእዘዙ - ንኣንባብን ንጸሓፍን። ናይ ኣንባቢኻ ባህልን ቋንቋን ብግቡእ እንተ ደኣ ዘይተረዳእካ፡ ፈሊጥካ ክትትርጉም ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ኑቲ ናትካ ፈቲኻ፡ ጸምቢልካ፡ ኣጸኒዕካ፡ መሊኽካ፡ ኣስተማቒርካ ኢኻ ኾኣ ናብ ካልእ ቋንቋ እትኽይድ። ኑቲ ኻልእ ቋንቋ ድማ ብምዕራሩ ክትፈልጦ ኣሎካን የድልየካን።

ንኣብነት፡ ኣብዚ እዋንዚ ሓንቲ ናይ ትርጉም ስራሕ ኣንቢበ ኣለኹ። ኣቶ ተከአ ተስፋይ ዝተርጎማ "ፒኖክዮ"። ኣዚያ ካብ ዝመስጠኒ ስራሓት ሓንቲ'ያ። ክንደይ ካብና ኣንቢብናያ ንኸውን? ሓንቲ ኣበውት ናይቲ "ናይ ትርጉም ስራሕ ናይ ፍቕሪ ስራሕ'ዩ" ክብል ዝደረኸኒ'ውን ኢያ። ምኽንያቱ ከተንበብ እንከለኻ ማብቁዓዊት እምበር ናይ ትርጉም ስራሕ'ውን ኣይትመስለካን'ያ። ክሳዕ ክንደይ እዩ ብፍቕሪ ተርጉሙዋ እግሪም'ዩ። ኣቶ ተከአ ክትርጉማ እንከለዉ፡ ከምዚ ራሄል ከተንበብ ኢያ'ሞ ከመይ ገይረ'የ ንዓኣ ብዘምስጥ፡ ከተስተማቕሮ ብእትኽእል መንገዲ ገይረ ክትርጉማ ዘለኒ ኢሉ፡ ንዓይ ሓሰቡ (ማለት ንኣንባቢ) ዝተርጎማ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ክሳዕ ክንድኡ ዝሰይድ ጥቡቕ ዝምድና'ያ ፈጢራትለይ እዛ መጽሓፍ። እዚ እንታይ የርእየካ፡ እቲ ተርጓሚ ክሳዕ ክንደይ ጻዕሪ ከም ዘሕለፈ እዩ። እቲ ጻዕሪ ኾኣ እናኣጉረምረምካ፡ ተገዲድካ፡ ክንበር ኣሎኒ ኢልካ ዘይኮነ ብፍቕሪ እዩ ተሰሪሑ። ፈቲኻ፡ ረዲኻ፡ ፈሊጥካ፡ ቋንቋኻ፡ ባህልኻ፡ ክብርታትካ ፈሊጥካ፡ ደሓር ከኣ ኑቲ ናይ ካልእ ቋንቋ ማዕሪሩ ፈሊጥካ፡ ኣስተማቒርካ . . ናይ ፍቕሪ ስራሕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ወጽኢት ይርኣየካ። ብሉጽ ናይ ትርጉም ስራሕ ምስ እትረክብ፡ ኣብ ልዕሊ ቋንቋኻ ዘሎካ መረዳእታ'ውን'ዩ ይቕይሮ'ዩ፡ ሓይሊ ናይ ቋንቋኻ እውን'ዩ ዝርእየካ፡ "ቋንቋና ከምዚ ክገልጽ ይኽእል እዩ!" የብለካ፡ ኑቲ ቋንቋ ክብሪ የውህበ፡ ናይ ፍቕሪ ስራሕ ምስ ዝኸውን እዩ ግን ናብዚ ደረጃዚ ዝበጽሕ።

እቲ ጻዕሪ ኣቕዲምካ ኣብ ርእሲ'ዩ ዝዕየድ። ብንጻር'ዚ ናይ ጻዕርን ፍቕርን ስራሕ'ዚ፡ ዝርኣ ናይ ታህዋኽ ከኣ ኣሎ። በዚ ክትርእዮ እንከለኻ፡ ብዙሕ ሃጓፋት ትርእየሉ። ኣብ ዕዮ ትርጉም ካብ ዚጋጥም ብደሆታት፡ ንቋንቋኻ ኣልዒልካ ኑቲ ኻልእ ኣትሒትካ ምርኣይ ኣሎ። እዚ ጌጋ'ዩ። ዝይፈለጥካዮ፡ ዘይተረዳእካዮ ክትትርጉም እንከለኻ'ውን ኣብ ሓደጋ ከውድቐካ ይኽእል'ዩ። መሰሉኻ ትገብሮ'ሞ ከምኡ ከም ዘይኮነ ጸጊሑ ይርድኣካ፣ ዕምቆት ናይ ኣፍልጦን ንባብን ኣብዚ ኣገዳሲ እዩ።

ኩሉ ግዜ ክትትርጉም እንከለኻ እቲ ምስ ክብርታትካ ዝኸይድ ኢኻ እትመርጽ። ኣብ ኣመራርጻ ዝትርጎም'ውን ልዑል ንቕሓት ይሓትት። ዕዮ ትርጉም ናይ ምውሳድን ምግዳፍን ስራሕ እዩ'ውን። በቲ ዝተጻሕፈሉ ቋንቋ ክትገልጾ ዘይትኽእል ስምዒታት ክህሉ ይኽእል'ዩ። ብዙኻት'ኣለ ግን በቲ ዝለዓለ ደረጃ ጽባቐ ክትብሎ ክትክእል ኣሎካ።

ዕዮ ትርጉም፡ ክብርን ምጽውዋርን ዝሓቲፍ ስራሕ እውን'ዩ። ናይ ቋንቋ ምቕሊልነት ዝበዝሖ ኣሎ። ብዙኻት'ኣለ በቲ ዝበለጸ ደረጃኡ ክትጥቀመሉ ኣሎካ፡ ካብ ቃል ክሳዕ ዝለዓለ ደረጃ ኣቃውማ ናይቲ ቋንቋታት ብዕምቆት ክትፈልጦ የድልየካ። ኣብ መወዳእታ፡ ዝከኣል ክኢልካ'ውን ፍጹም ዝበዝሓ ትርጉም የለን። ክትብጽሖ እንከለኻ ካብ ክብርታትካ ኢኻ እትብጽሖ፡ ንዓኻ ዝሰርሓልካ፡ ትርጉም ዝሀበካ ነገራት መረጽካ፡ ብዙኻትኣለ መጠን ንግዜ ሰዊኡ ክጸንሕ ዝኽእል፡ ብጽባቐኡ ዝደነቕ፡ ነባሪ ክኸውን ዝኽእል ምምራጽ ከም ዕላማ ክትሰርሓሉ ኣሎካ።

ሓደ ብቑዕ ተርጓሚ እንብሎ፡ ብቑዕ ኣፍልጦ ኣብ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ኣብቲ ዝትርጎሞ ዘሎ ሓሳብ ወይ ጉዳይ እኹል ኣፍልጦ ዘለዎ እዩ። ንዓዕ ኣንባቢ ወይ ዓርኪ መዘከቡቻላት ክኸውን ከኣ ንጽቡ። ዘየንብብ እንተ ኾይኑ፡ ዓቢ ጸገም'ዩ። እዚ ከም መንጸፌ ኢልና፡ ኩነታት ትርጉም ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ከመይ ኣሎ? ከመይ ንግምግሞ? ኣብ ዝበል ናተይ ወሰኑን ትዕዝብቲ ከካፍል።

ምትርጓም ኣብና ናይ ፍቕሪ ስራሕ ደዩ? ብዙሕ ናይ ትርጉም ስራሓት ክወጽእ ንርእዮ ኣለና። ሩብዐን ዝኾነ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ፡ ሩብዐን ኣብ ዝኾነሉ ድማ ብቕዓቱ ከሰክፈካ ናይ ግድን'ዩ። ብዛዕባ ብቕዓት ዕዮ ትርጉም ክሓስብ እንከለኹ ዘልዕላ እታ ንባብ እትብል መሰረት ናይ ኩሉ ዝኾነት ጥበብ እያ።

ናብ 5ይ ገጽ ይቕጽል

### ኣብ ዝኽሪ'ቲ ኮኾብ

ናብ ሎሚ ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ረጊፉ
ግና፡ ዓሚቝ ዝኽሪ ገዲፉ።
ብጥባጡ
ብቐሊት ግጥሚታቱ
ልቢ ሰብ ሰሊቡ፣
ጣዕመዚሚታቱ
ሕልና ኳሕኪሑ።
ኣሰይ. . .
ኣብ ዝኽሪ'ቲ ኮኾብ ኣፃሳየ
ናፈቓዮ ኣውረርየ
ንብዮት ኣንጠብጢበ
ልበይ መሊኣለይ፡ ጸብ ሰትየ።

**የናስ መንግስትኣብ**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 14:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:55 | ደሃይ ሕትመት |
| 16:40 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ዘዋሪት ካሚራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ዶክተራት ኣብ ስትደዮ |
| 18:35 | ፊልም ቻይና |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ሄራን ምስ ኣቦኣ ንኽትራኸብ

ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያም ትንሳኤ፡ ኣብ ዓዲ ጉዐር ከባቢ እንዳ ገርግርስ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ'ያ ተወሊዳ ዓብያ። ወ/ሮ ሳባ፡ ስራሕ ደልያ ናብ ኣቑርደት ብምኻድ፡ ኣብ እንዳ 12፡ 4ይ ብርጌድ ከም መጋቢት ኮይና ተቖጺራ። ካብ 2003 ክሳብ 2005 ከባቢ ድማ ስራሓ፡ ኣብኡ እናሰርሐት፡ ኣብ 2006፡ ምስ ክፍሎም ኪዳነ ዝተባህለ ተዓራረኸት፡ ቈልዓ ድማ ወለደት። ድሕሪዚ፡ ካብቲ ትሰርሓሉ ነበረት ኣሃዱ ወጽኣት። ናብ ዓዳ ብምኻድ ድማ፡ ነታ ሄራን ክትብል ዝሰመየታ ጓላ፡ ኣጠመቐታ። ብድሕሪኡ፡ ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያም፡ ውላዳ ጓል ኣርባዕተ ዓመት ምስ ኮነት፡ ምስ ኣደኣ ኣብ ዓዲ ገዲፋታ፡ ናብ ሱዳን ንስደት ኣምርሐት። ካብ ሱዳን ናብ እስራኤል ብምኻድ ድማ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ እስራኤል ትቕመጥ ኣላ።

እታ ህጻን ዝገደፈታ ጓላ (ሄራን)፡ ምስ ዓባያ ንዝተወሰነ ዓመታት ምስ ተቐመጠት፡ ናብ ኣስመራ ብምምጻእ፡ ምስ ለተብርሃን ዝተባህለት ንኣብ ሓውታ፡ ትምህርቲ ጀመረት። ኣብ መንን ከኣ፡ ሄራን ዳግማይ ናብ ዓባያ ንዓዲ ጉዐር ብምምላስ፡ ትምህርታ ቀጸለት።

ሎሚ፡ ጓል 19 ዓመት ኮይና ዘላ ሄራን፡ ምስ 36 ዞርያ እያ ኣብ ኣፍዓበት ተዓሊማ። ክንዲ ሰብ ስለ ዝኣኸለት ከኣ፡ እንሆ ሎሚ ምስ ወላዲታ ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያም ብምኻን፡ ደሃይ ናይ'ቲ ብዓይና ርእያቶ ዘይትፈልጥ ወላዲኣን ቤተሰቡን ክረኽብ ተበጊሰን ኣለዋ።



መንእሰይ ሄራን

ኣብ ሃገረ እስራኤል ኣብ ስደት ዘላ ወ/ሮ ሳባ፡ ናይ'ቲ ኣቶ ክፍሎም ኪዳነ ዝተባህለ ኣቦ ጓላ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ደሃዩ ረኺባ ንጓላ ከተቕስናን መበቆላ ከተፍልጣን ብዝረርታ እትጽበዮ ዘላ ጸር እዩ። መንእሰይ ሄራን'ውን፡ ደሃይ ወላዲኣ ኣቶ ክፍሎም ኪዳነ ክትረኽበን መበቆላ ክትፈልጥን፡ ሓደ ካብ'ቲ ለይትን ቀትርን እተጸልተሉ እዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ መንእሰይ ሄራን፡ ወላዲኣ ኣቶ ክፍሎም ኪዳነ፡ ንሳ ጓል 10 ዓመት ኮይና ምስ ሓትኖኣ ወ/ሮ ለተብርሃን ኣብ ኣስመራ እናተቐመጠት፡ ቴሌፎን ደዊሉ ረኺቡዋ ነይሩ። ባሊኻ ክዳውንትን ገንዘብን ክሰደላ ምኻኑ እውን ሓቢሩዋ ነይሩ። ይኹን'ምበር ሽዑ፡ ሄራን ንእሽቶ ስለዝነበረት፡ ብዛዕባ ሃለዋቱን ዘለዎ ቦታን ኣይሓተተቶን። እንተ እቲ፡ "ሄራን ጓለይ፡ ኣነ ክፍሎም ኪዳነ ዝበሃል ኣቦኺ እየ" ዝበሎ ቃላትን ድምጹን ግና፡ ክሳብ ሎሚ ካብ ኣእምሮኣ ክሃስስ ዘይክእል ድቃስ ከሊኡዋ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ንሳ፡ ሎሚ ክንዲ ሰብ ኣኺላ፡ ብሓሳብ ንድሕሪት ተመሊሳ ነቲ ህሞት እንክትሓስቦ፡ "እቲ ግዜ ሕጂ እንተ ዝኸውን'ሲ መን ምሃበ። ሃለዋቱ ፈሊጠ ብኣካል ምረኸብክዎ'ሞ፡ ብሰንኪ ወላዲየይ ዘይምፍላጠይ ገሂዱ ዘሎ ልበይ ምተፈወሰ" ብምባል፡ ንብዓት ኣሰኒያ እያ ነታ ኣቦኣ ደዊሉ ዝረኸባ ዕለት እትዝክራ። ካብ ሽዑ ክሳብ ሎሚ ትሸዓተ ዓመት ሓሊፉ ከኣ፡ ደሃይ ወላዲኣ ሽታ ማይ ኮይኑዋ ኣሎ። ክሳብ ሕጂ ደሃይ ዝበሃል የብላን። ንሱ'ውን ደጊሙ ኣይደወለላን።

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ መንእሰይ ሄራንን ወላዲታ ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያምን ኣቕሪበናኦ ብዘለዋ ሓበሬታ መሰረት፡ ብዛዕባ ክፍሎም ኪዳነ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወኩም፡ ክረኽብኦ ብሃንቀውታ ደጸብያ ስለዘለዋ፡ ከም ወትሩ ምትሕብባርኩም ክትቅጽሉ ዝኻኣለኩም። ብዓብኡ'ውን፡ ኣቶ ክፍሎም ኪዳነ፡ ብሂወት እንተ ደኣ ኣሊኻ፡ ሄራን ጓልካ ሎሚ ክንዲ ሰብ ኣኺላ ብመገዲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጣይቐልካ ኣላ'ሞ፡ ኣለኹ ኢልካ፡ ሕልናዊ ቅሳነት ክትህባ ዝኻኣለካ።


ዓምዲ ስድራቤት፡ ብፍታትኩም ሓገዝ፡ ዝተጣፍኡ ቤተሰብ ኣብ ምርኻብ ብዙሕ ሰሪሓ'ያ። ሕጂ'ውን ተሳትፎኹም ከይፍለያ እናዘኻኸረት፡ ንሄራን ደሃይ ወላዲኣ ንኽትረኽብ ንዘተሓጋገዘ ዘሎን ናብ ቤት ጽሕፈትና ሓዚዋ ንዝመጸኣን መንእሰይ ሓዳሽ ተኪኤ ብስምኩም እናመስገንና፡ ብዛዕባ ክፍሎም ኪዳነ ደሃይ ዘለኩም፡ ብቐጽሪ ቴሌፎን 07437101 ወይ 07751917 ወይ ድማ 116266 ደዊልኩም ክትሕብሩ ከም እትኽእሉ ንሕብረኩም።



ወ/ሮ ሳባ ገብረማርያም (ኣደ ሄራን)

## "ምስ ወዲ-ሓውና ክንራኸብ ሓገዝኩም ኣይፈለየና"

እዚ ኣብ ስእሊ እትዕዘብዎ ዘለኹም፡ ስውእ ጉዳም ተጋዳላይ ፍትዊ ወልደየሃንስ ገብረኪዳን እዩ ዝበሃል።



ፍትዊ ወልደየሃንስ - ቅድምን ድሕርን ሜዳ ምውጽኡ

ተጋዳላይ ፍትዊ፡ ቅድሚ ናብ ሜዳ ምውጽኡ፡ ኣብ ባጽዕ'ዩ ዝቕመጥ ነይሩ። ኣብ 1973 ከኣ ብመርከብ ገይሩ ንዓዲ ጥልያን ከይዱ። ካብ ዓዲ ጥልያን ከኣ፡ ኣብ 1977 ንሜዳ ተሰሊፉ። ኣብ 1982 ድማ፡ ስለ'ዛ ሓላል መሬትን ናጽነትን ኤርትራ፡ ተሰዊኡ።

ስውእ ተጋዳላይ ፍትዊ፡ ቅድሚ ካብ ባጽዕ ንዓዲ ጥልያን ምኻዱ፡ ሂወት ሳህለ ካብ ዝተባህለት ተቐማጢት ኣስመራ፡ ኪዳነ (ወይ ኪዳነማርያም) ዝተሰምየ ቈልዓ ወሊዱ ነይሩ። ኪዳነ (ኪዳነማርያም) ዝተወልደሉ ግዜ፡ ካብ መጋቢት 1972 ክሳብ መጋቢት 1973 ኣብሉ ይኸውን። ናፍቖት ውላድ ከቢድ ኮይኑዎ ከኣ፡ ፍትዊ ወልደየሃንስ ካብ ባጽዕ ናብ ኣስመራ እናተመላለሰ፡ ንኪዳነ ወዱ ደርእዩ ከምዝነበረን ምስ ወ/ሮ ሂወት ሳህለ'ውን ጽቡቕ ፍቕራዊ ሂወት ከምዝነበሮምን ይሕበር። ንዓዲ ጥልያን ክብገስ ከሎ'ውን፡ ወ/ሮ ሂወት ሳህለ፡ ንኸተፋንዎ ብምባል፡ ነቲ ዓመት ዘይመልኣ ኪዳነ ወዳ ሒዛ፡ ካብ ኣስመራ ባጽዕ ወሪዳ ንፍትዊ ከምዘተፋነወቶ ሓበሬታ ኣሎ። ብድሕሪ'ታ ህሞት ግን፡ ክሳብ ሕጂ፡ ብዛዕባ ሂወት ሳህለ ኰነ ብዛዕባ ኪዳነ (ኪዳነማርያም) ፍትዊ፡ ደሃይ ዝበሃል ከምዘይብሎም፡ ኣሕዋቱ ንስውእ ፍትዊ ወልደየሃንስ ይሕብሩ።

ካልእ፡ ወ/ሮ ሂወት ሳህለ፡ ምስ ኪዳነ ወዳ ኣብ ከባቢ ጎዳይፍ፡ ማይተመናይ (እንዳ ሰዓል)፡ እምባጋልያኖ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ይቕመጡ ከምዝነበሩ ይዝንቶ። ብተወሳኺ፡ ንወ/ሮ ሂወት ኣቦኣ ማለት ኣቦይ ሳህለ፡ ኣብ ግዜ ደርግ፡ ኣብ ጥቓ መሕረዲ ስጋ (ማታቶዮ) ዕዳጋ ሓሙስ፡ ደኳን እንዳ ስጋ ከምዝነበሮም ይሕበር።

ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ዓምዲ ስድራቤት ድማ ብፍላይ፡ ወ/ሮ ዛይድ ወልደየሃንስ፡ ምስ ኣሕዋታ ጺጋን ግደይን ኮይኖም'ውን ምስ ደቃን ደቂ ሓወቦኣን ብምኻን፡ ሃለዋት ናይ'ቲ ንልዕሊ 50 ዓመት ደሃዩ ዘይብሎም ወዲ ስውእ ሓዎም ኣዲኡ ወ/ሮ ሂወት ሳህለን ክረኽቡ፡ ሓገዝኩም ብሃንቀውታ ይጽበዩ ኣለዉ።

ስለዚ፡ ብመሰረት'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገለጸ ሓበሬታ፡ ብዛዕባ ሃለዋት ኪዳነ (ኪዳነማርያም) ፍትዊ ወልደየሃንስን ወላዲቱ ወ/ሮ ሂወት ሳህለን ኣፍልጦ ዘለዎ ሰብ፡ ብቑጽሪታት ቴሌፎን 07165135 ወይ 07154684 ወይ ድማ 116266 ብምድዋል፡ ክትሕብሩዎም ትኽእሉ ኢኹም።

ንሕና'ውን ክቡራት ኣንበብቲ፡ ከም'ቲ ቅድሚ ሕጂ ንዝተጣፍኡ ስድራቤት ኣብ ምርኻብ እትገብርዎ ምትሕብባር፡ ሕጂ'ውን ሓበሬታ ምስ ዝህልወኩም፡ ንስድራቤት ስውእ ፍትዊ ወልደየሃንስ ክትተሓባበርዎም ዝኻኣለኩም።

ካብ 4ይ ገጽ ዝቐጸለ

## . . . ፍትው ኣቢልካ ምትርጓም

ተርጉምትና፡ ጸሓፍትና፡ ኣንበብትና. . . ኣንበብቲ ዲና? ብርግጽ ብዛዕባ ምንባብ ብዙሕ ንዛረብ ኢና። ኣገዳስነቱ ኩላትና ንሰማምዓሉ እዩ። ኩሉ ግዜ "ዝንበብ ይሃንበብ" እውን ንብል ኢና። እዚታት፡ ካብ ብዙሓ ምድግጋሙ ናብ ኣሰልቻዊ ነገር ይቕየር ኣሎ። ዝንበብ ይሃንበብ ንብል፡ ግን ነንበብ ዲና? ንፋዓት ኣንበብቲ ዲና? እንታይከ ነንበብ? ብዛዕባ ንባብ ክንዛረብ ብዙሕ ግዜ ነጥፍእ፡ ኣብ ግብሪ ግን ነቲ ንባብ ነተግብሮ ዘለና ኮይኑ ኣይስምዓንን። እቲ ቐንዲ ጸገም ኮይኑ ዝርኣየኒ ድማ እዚ'ዩ። ዘይኣንበብቲ ተርጉምቲ ንኸውን።

ዝበዝሐ ዝትርጉም ዘሎ ብስምዒት ዝዋሰር ዘሎ ኮይኑ እውን'ዩ ዝስምዓኒ። ሓንቲ መጽሓፍ ኣንቢብካ ስለ ዝፈተኻያ ጥራይ ክትርጉማ'የ ትብል ወይ ክትትርጉማ ትጃምር። ቅድሚ ምትርጓምና ብዝበዝሐ ምስ እሃንበቡ፡ ኣማራጺታትና ይሰፍሕ'ዩ። ኣየናይ ይሓይሽ? ኣየናይ ይጠቕመና? ተወሳኺ ንባብ ብምዝውታር'ዩ ዝመጽእ። ርኺብ ኣቢልካ ምፍታው፡ ፍትው ኣቢልካ ምትርጓም ይመስል ኣሎ። ዓይነታት ንባብና ከሰፍሕ ኣሎና፡ ኣማራጺታት ንኽነርክብ።

ኣብዚ ሎሚ ናብ ቤት-ማሕተም ምኻድ ቀሊል ኮይኑሉ ዘሎ እዋን፡ ኣንባቢ እንታይ እዩ ዝደሊ. ምባል ጥራይ የዋጽኣና ድዩ? ብዋጋ ክብርታትና ክኸውኖ ይግባእ ድዩ? እዚ'ዩ ዝጥለብ ዘሎ፡ ዝፋቶ ዘሎ፡ ኣንባቢ ዝደልዮ ዘሎ ኢልና፡ ጥራይ ሰዓቢ ደርኩበ'ምበር ካልእ ኣየገድሰናን'ዩ ኢልና ክንክይድከ የድልየና ድዩ? ወደስ ግዜ ወሰድካ፡ ሓሲብካ፡ መርማርካ፡ መሪጽካ፡ መሚኻ፡ ነፊኻ . . ንሕጂ፡ ንጽባሕ፡ ንዓና፡ ንደቅና. . . ክገልግል ዝኽእል ዓይነት ስራሕ ንትርጉም? ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ክንቅሕ ዘለና ኮይኑ ይስምዓኒ። እቲ ተርጓሚ ንፋዕ ኣንባቢ እንተ ኾይኑ፡ ነቲ ሕብረተሰብ'ውን ናብ ገለ ብራኺ ከምጽኦ ይኽእል'ዩ። ምኽንያቱ፡ ከንበብ'ዩ፡ ኣማራጺታቱ ከስፍሕ'ዩ፡ ክመርጽ'ዩ፡ እዚ ይጠቅም'ዩ፡ እዚ ኣይጠቅምን'ዩ ኢሉ ክፈሪ'ዩ።

እዚ ዝጸሓፍ ወይ ዝትርጉም ከኣ ኣንባቢ (ባህሊ ንባብ ዘማዕበለ) ሕብረተሰብ የገድሶ'ዩ።

ኣብ ምትርጓምና፡ ዘለና ሕጽረታት ዝፈጠሮ'ዩ መሰለኒ፡ ኣብዚ ፍኹስ ዝበለ ከመይ ኢልካ ትዕወት፡ ትሃብትም፡ ነፍስኻ ተማዕብል፡ . . . ዝብል ናይ ሰዓልና መጻሕፍቲ ነቲ'ር ዘለና። እዚ'ውን ሕማቕ ኣይኮነን ግን ስለምንታይ ግዜና ካብ ኣጥፋእናን፡ ገንዘብናን፡ ጉልበትና ካብ ኣውፈርና፡ ስለምንታይ ኣብ ዝሓሸን ክብሪ ዘለዎን ስራሓት መሪጽና ነባሪ ስራሕ ዘይንትርፍ ዝብል ርእይቶ ኣለኒ። ሕጂ'ውን እታ ዝዓበየት ጸገምና ንባብ ኮይና'ያ እትርኣየኒ። እዛ ጸገም ክይተፈትሐት፡ ጸሓፍትን ተርጉምትን ፈለማ ንፋዓት ኣንበብቲ ክይኮና፡ ክብሪ ዘለዎ ነባሪ ስራሕ ክፍሪ ክንሽገር ኢና። ስለዚ፡ ብዝበዝሐ ብሉጽ ዕዮ ስነጽሑፍ ክንበብ ኣሎና። ዕላማና ክንፈልጥ ኣሎና።

ካብቲ ናትካ ክትብጽሕ ኣለካ። ነቲ ናትካ ብምፍታው፡ ብምጽማባል፡ ብምፍላጥ ኢኻ ደሓር ናይ ካልኦት ዕዮታት ብዓቢኡ ፈሊጥካ ከም ብዓል ፒናክዮ ነባሪ ስራሕ ክትፈሪ እትኽእል።

ነባሪ ዕዮ ትርጉም ንምስራሕ፡ እታ ቐንድን ፍጹም ድማ ዕሽሽ ክትብሃል ዘይብላን "ንባብ" እያ። ነንብብ፡ ምንባብ ጥራይ ዘይኮነ ኸኣ፡ ብመንገዲ'ቲ እነንብቦ ዝሓሸና ሰባት እናኾንና ንመጸኢ ምህላውና እናኣማዕበልና ክንክይድ ኣገዳሲ'ዩ እብል።

*****

*ክቡራት ኣንበብቲ፡ ኣብ ዝቕጽል ሕታምና፡ ናይ ካልኦት ሞያውያን ሓሳባት ክነቕርብ ኢና። ኣብ ዕዮ ትርጉም ሃገርና ዘለኩም ሃናጺ ርእይቶን ነቐፌታን ድማ ንጽበ።*

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዙር ዳውን ኣንደር ተዛዚሙ

### ሄኖክ፡ መበል 19 ኣትዩ



ንመበል 25 ግዜኡ ኣብ ኣውስትራልያ ዝተኻየደ ዙር ሳንቶስ ዳውን ኣንደር፡ ሰንበት ናይ ሻዱሻይ መድረኽ ዕማሙ ብምስልሳል ተዛዚሙ።

እዚ ኣብ ከተማ ኣደላይደ ዝተኻየደን 90 ኪሎሜተር ዝሸፈነን ናይ ቸርኪቶ ውድድር፡ ተቐዳዳማይ ሃንስዮርዮብ ሳም ወልስፎርድ እዩ ብ1 ሰዓት፡ 53 ደቒቕን 14 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ሳልሳይ ናይ መድረኽ ዓወት ከኣ ኣመዝጊቡ - ንቐዳማይን ካልኣይን መድረኻት ተዓዊቱሎም ብምንባሩ። እዚ ኣውስትራልያዊ፡ ብ90 ነጥቢ ከኣ ንናይ ሸኻ ማልያ ተዓዊቱላ።

ኣባል ዩኤይኢ ኢማራትስ ጆናታን ናርቫዝ ኣብ ሓሙሻይ መድረኽ ካብ ጃሽር ሮሞ ዝተቐበላ ኣራንሾኒ ናይ ግዜ ማልያ ኣብዚ መድረኽ ኣሕሊፉ ኣይሃበን። ናይ ፈለማ ኤኳዶራዊ ዕወት እዚ ውድድር ድማ ኮይኑ።

ምስ ሃገራዊት ጋንታኡ ኣውስትራልያ ዝተወዳደረ ፈርገስ ብሮዊንግ፡ ብ58 ነጥቢ ንማልያ ኣዝብላ ዓቕብ ተዓዊቱላ። ኣልበርት ፍሊፕስ፡ ብለጽ መንእሰይ ተጻዋታይ ኮይኑ፣ ጋንታኡ ሲደል ትሬክ ብደረጃ ጋንታ ቀዳመይቲ ወዲኣ።

ኣብ'ዚ ውድድር ዝተሳተፉ ክልተ ኤርትራውያን ተቐዳዳምቲ፡ ሄኖክ ምልእብርሃንን ናትናኤል ተስፋጼንን፡ ኣብ መዛዘሚ መድረኽ ግዜ ከይከሰሩ



ብተኸታታሊ መበል 19ን 80ን ደረጃ ሒዞም። ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ 3 ደቒቕን 15 ካልኢትን ካብ ዕወት ድሒሩ መበል 31፡ ኣባል ሞቪስታር - ናትናኤል ከኣ፡ 4 ደቒቕን 16 ካልኢትን ድሒሩ መበል 33 ወዲኡ። ቀጺሊ ውድድር እዞም መንእሰያት ተቐዳዳምቲ ካብዛ ሃገር ክዩወጹ 30 ጥሪ ኣብ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጽመዱ እዮም።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ትማሊ ራብዓይ መድረኽ ኣብ ዞባዊ ዙር ሻርጃህ፡ ጴጥሮስ መንግስ ካብ ዕወት 1 ደቒቕን 41 ካልኢትን ድሒሩ መበል 15 ኣትዩ።

እዚ 132.32 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ኣውስትራልያዊ ጆስ ኮች ብ3 ሰዓት፡ 9 ደቒቕን 47 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኣብ ቱርካዊት ክለብ ኢስታንቡል ደቂ ጋንታኡ ንጴጥሮስ ዝኾኑ ኤሾን የማነ ናትናኤል ብርሃነ፡ ብቐደም ተኸተል 2 ደቒቕን 28 ካልኢትን ከምኡ'ውን 3 ደቒቕን 24 ካልኢትን ድሒሮም መበል 22ን 39ን ኣትዮም።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ናይ መዛዘሚ ሓሙሻይ መድረኽ ክካየድ እዩ፡ 121.87 ኪሎሜተር ከኣ ክሸፍን እዩ።

## ዞባ ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ ኣብያተ ትምህርቲ ጀሚሩ

ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ኣብያተ ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ዞባ ማእከል፡ ብቐድሚ ትማሊ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ ብዝተፈደዎ ውድድር ፈሊሙ።

ዕድመ 17-18 ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ፡ ካብ ብሎኮ ጉዳይፍ ተበጊሶም ደቀምሓረ በጺሖም ብምምላስ 80 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ናይ በረኻ ውድድር ኣካይዶም።

ኣብቲ ኣብ ሰዓት ብጠምጋም 35.4 ኪሎሜተር እናተጎዓዙ ዝዘዘምዎ ውድድር፡ ናይ እምባዕራ ተቐዳዳማይ ኣሮን ዓብደረዛቕ ቀዳማይ ኣትዩ። ናህ ፍስሃጽን ሻም ደባሳይን ካብ ቤት ትምህርቲ ደንደን ከኣ ካልኣይን ሳልሳይን ኣትዮም። በዚ ወጽኢት፡ ኣሮን ብሸደሾት ነጥቢ ክመርሕ እንከሎ፡ ናህ ብሓሙሽተ ነጥቢ፡ ሳሙኤል ኪዳን ካብ ልምዓት ከኣ ብኣርባዕተ ነጥቢ ይስዕብዎ።

እዚ ውድድር፡ ትማሊ ሰኑይ ዝተፈላለዩ ክሊ ዕድመ ኣብ ጸጸራት ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ብዝተፈደዎ ጸወታ ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ካብ'ተን ሸሞንተ ኪሎሜተር ዝሸፈና ክሊ ዕድመ 12-14 ደቂ ኣንስትዮ፡ ተመሃሪት ሞዴል ሩፍታ የማነ ተዓዊታ። ሃና ተኪኤ - ናጽነት፡ ትምኒት ኣበዶም - ባሕቲ መስከረም ከኣ ድሕሪኣ ኣትየን።

ክሊ ዕድመ 12-13 ደቂ ተባዕትዮ፡ 18 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም። ሄኖክ እዮብ - ካብ ቤ/ት ጥና፡ ኣቤል ሰሎሙን - ካብ ቤ/ት ሓርበኛታት፡ ናታን ፋኑኤል - ካብ ቤ/ት ፈለማ ድማ፡ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም።



እዚ ዝተፈላለየ ክሊ ዕድመ ሓቚፉ ኣብ ናይ ተመሃሮ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዝካየድ ዘሎ ውድድር፡ ሎሚ'ውን ክቕጽል እዩ።

## ኣልሂላል፡ ተዓዋቲት ዋንጫ ሱፐር ካፕ ኮይና

ኣልሂላል፡ ሰንበት 26 ጥሪ ኣብ ስታድዮም ከረን ንዓንሰባ ብምስዓር፡ ዋንጫ ዕውታት ዕውትቲ (ሱፐር ካፕ) ዞባ ዓንሰባ ኣልዒላ።

እዚ ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣብ መንጎ ጋንታታት ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕውትቲ ሻምፕዮን ዞባ ዓንሰባን ካልኣይቲ ዝወጸት ኣልሂላልን እዩ ተኻይዱ።

እዚ ጸወታ፡ ወላ'ኳ ኣብ ቀዳሞት 15 ደቓይቕ ሚዛናዊን ዝያዳ ኣብ ማእከል ሜዳ ዝተሓጽረን እንተነበረ፡ ድሒሩ ግን፡ ዓብላልነት ጋንታ ዓንሰባ ክንጸባረቕን ናብ ልዕሊ ኣልሂላል ድማ ተደጋጋሚ ፈተነ ክቶኽሰሉን እዩ ተራእዩ። ይኹን'ምበር፡ ኣልሂላል'ውን ብመልሰ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ዓንሰባ ጸቕጢ ትፈጥር ነይራ እያ። ቅድሚ ዕረፍቲ ግን፡ ሸቶ ኣይተመዝገበን።

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣልሂላል ሓሓሊፉ ፈተነታት ኣካይዳ ንጸወታ ዝያዳ ረሲዒ ወሰኽትሉ። ኣብ መበል 75 ደቒቕ ድማ ሓላው ልዳት ጋንታ ዓንሰባ ካብ ሳጹን ወጺኡ ኩዕሶ ብምምላሱ፡ ብቐይሕ ካርድ ተባሪሩ። ኣብ ዝተረፈ ደቓይቕ፡ ዓንሰባ ብጎደሎ ሓደ ተጻዋታይ ቀጺላትሉ። ኣልሂላል ግን፡ ክትረብሓላ ኣይከኣለትን። 0፡00 ድማ ተፈላልየን። ኣብ መወዳእታ ግን፡ ኣልሂላል ብፍጹም ቅላዕ 9፡08 ተዓዊታ ዋንጫ ኣልዒላ። ኣብዚ ግጥም ተደጋጋሚ በደል'ኳ ይፍጸም እንተነበረ፡ ማእከላይ ዳኛ ሃይሰም መሓመድ ግን፡ ጸወታ ኣብ ምህዳእ ልዑል ተራ ተጻዊቱ።



## ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ቀጺሉ

### ኣቤል፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ፈለማ ጸወታኡ ሃትሪክ ሰሪሑ

ሻውዓይ ሰሙን ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 26 ጥሪ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብሰለስተ ግጥማት ቀጺሉ።

ፈለማ ፓራዳዝን ኣዱሊስን እየን ተጋጢመን። ፓራዳዝ፡ ኣብ መበል 35 ደቒቕ ብመገዲ ፍትሓዊ ብርሃ - መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣመዝጊባ። ኣብ ወሸጢ ሓንቲ ደቒቕ ግን፡ ኣዱሊስ ካብ ቶማስ ሰዩም ሸቶ ብምርካብ ንዕረፍቲ 1፡01 ወጺኦን። ኣብ ካልኣይ እብረ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ ከኣ ጸወታ ማዕረ ተዛዚሙ። ኣባል ፓራዳዝ ዘርያስ የውሃንስ፡ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ዝሰዓበ ጸወታ፡ ክንፊ (ሓይሊ ኣየር) ምስ ቀይሕ ባሕሪ ዝተፋለመትሉ እዩ ነይሩ። ነጥቢ ብምኽሳራ ብቐንዲ መውዳድርታ ደንደን ተበሊጻ ካልኣይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብዚ ጸወታ ብቐሊሉ እያ ሰለስተ ነጥቢ ወሲዳ። ብማልያ ኣስመራ በራ ኣብ ክልተ ዓመተ-ውድድር ዝሰዓለ ኣመዚጋቢ ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ዝኾነ ኣቤል ወልደሰሱ፡ ኣብዚ ግጥማት ንፈለማ ግዜ ብማልያ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝተሰለፈሉ፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 14፡ 30ን 75ን ደቓይቕ ሰለስተ ሸቶታት ብምቕጻር ሃትሪክ ሰሪሑ። ጋንታኡ ከኣ 3፡00 ተዓዊታ። እዚ ኣጥቃዓይ፡ ምስ'ቲ ኣብ ማስመር ምክልኻል ዝሰለፍ ሓወ ዓወት ወልደሰሱ ብሓባር ኣብዛ ጋንታ ይጻወቱ ኣለዉ። ኣቤል፡ ናይዚ ጸወታ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።



ኣስመራ በራ፡ ንደንደን ዝገጸመትሉ ጸወታ ድማ ናይቲ ዕለት መዛዘሚ ነይሩ። ደንደን ቀይሕ ባሕሪ ተዓዊታ ናብ ክልተ ዝወረደቶ ፍልልይ ክትዕቅብ ቀንዲ ዕላማኣ ነይሩ። ወ'ኒ ኣጥቃዓያ ኣቤል ወልደየሱስ ዝሓለፈ ሰሙን ናብ ቀይሕ ባሕሪ ዘሰጋገረት ኣስመራ በራ፡ ብስኽ መቐጸዕቲ ኣብ ማስመር ምክልኻል ዝበረ ሃገፍ ንምሽፋን ድማ፡ ንቐንዲ ኣከፋፋሊኣ ሚካኤል ሃብተ (ትኽሱ) ንድሕሪት ብምምላስ ተጻዊታ።

ኣብዚ እዋን ኣብ ብሉጽ ቁመና ዝርከብ ኣጥቃዓይ ደንደን ሰም ተኪኤ፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ መሪሕነት ዘትሓዘየም ሸቶ ኣመዝጊቡ።

ንማስመር ምክልኻል ኣስመራ በራ ብተደጋጋሚ ትፍትኖ ዝበረት ደንደን፡ ኣብ መበል 51 ደቒቕ፡ ብመገዲ ስምኦን ሃብተ ካልኣይቲ ሸቶ ወሲኻ። ኣብ መበል 88ን 90ን ደቓይቕ እውን ካብ ቢንያም ግርማይ ክልተ ሸቶታት ብምውሳኻ፡ 4፡00 ተዓዊታ። ንኹሉ ሸውዓተኡ ግጥማት ብምዕዋት ድማ፡ ብ21 ነጥቢ መሪሕነታ ኣደልዲላ። ኣከፋፋሊ ደንደን ናህም ታደሰ፡ ናይዚ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዘዋሪት ዋንጫ ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ዝሓለፈ ቀዳም ተኻይዱ።

ኣብዚ ናይ ኣውዲቕካ ምሕላፍ ጸወታ፡ ምምሕዳር ስፖርት ብመገዲ ቅድሚ ዕረፍቲ ብልጽቲ ኣመጋቢት ሸቶ ዝተሰምዋት እሙንኩር ዓብደላ ክልተ ሸቶታት ብምምዝጋብ ንሓይሊ ኣየር 2፡00 ረቲዓ ናብ ዝቕጽል ጸወታ ሓሊፋ።

ኩብንያ ህንጻ ሰገን ከኣ፡ ሰለስተ ሸቶታት ካብ ኣኽበረት ፍትዊ፡ ሓሓንቲ ከኣ ካብ ዓዚዛ ዓብደልራሕማንን ጥና ዑቕባይን ብዝመዝገበተን ሸቶታት ንጎዳይፍ ብገፊሕ 5፡00 ኣሰኒፋታ። ኣኽበረት፡ ናይዚ ግጥም ብልጽቲ ተጻወትቲ ተባሂላ።

ሳልሳይ ጸወታ ኣብ መንጎ ደንደንን ዕዳጋ ሓሙሰን ዝተኻየደ ነይሩ። ምኩራት ተጻዋትቲ ጠርኒፋ ዘላ ደንደን ብዓብላሊ ጸወታ 14፡00 ተዓዊታ። ኣባላ ሄርሞን እዮብ ድማ፡ ብልጽቲ ተጻዋትቲ ናይ'ዚ ግጥም ተጻዊታ።

ኣብቲ ዕለት ዝሓሸ ተወዳዳርነት ዝተራእየ ግጥም፡ ኢንሹራንስን ገጀረትን ዘዐየዳኦ ነይሩ። ገጀረት፡ ኣብ መበል 34 ደቒቕ ካብ ዩርካቤል ክፍሎም ብዝመዝገበታ ሸቶ 1፡00 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 47ን 51ን ደቓይቕ ካብ ኣርሴማ ተኽለሃይማኖትን ፍትሓዊት ማጆርን ብዝመዝገበተን ሸቶታት 2፡01 ብምዕዋት ናብ ዝቕጽል መድረኽ ሓሊፋ። ሳሮን ጎይትኦም፡ ካብ ዕውትቲ ጋንታ ኢንሹራንስ፡ ናይቲ ጸወታ ብልጽቲ ተጻወትቲ ተሰምያ።

ብዘይካ'ዚ፡ ግጥማት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ እዚ ዞባ'ውን ቀጺሉ ነይሩ። በዚ መሰረት፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንንግዳዊ ባንኪ 3፡00፡ ዘራእትን ጥሪትን ንኣልታሕሪር 5፡00፡ ሰገን ንሳዋ 1፡00፡ ገዛ ጥኑዳ ንዕዳጋ ሓሙስ 1፡00፡ ጸጸራት ንጎዳይፍ 3፡01፡ ከምኡ'ውን ተራሮሎ ንሰምበል 2፡00 ሰዒረናኦን።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ኮሎምብያ ስደተኛታት ክትቅበል ተሰማሚዓ

መንግስቲ ኮሎምብያ፡ ካብ ኣመሪካ ንዝጥረዙ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ሃገሩ ክቕበል ምዃኑ ገሊጹ።

መንግስቲ ኮሎምብያ ዝሒ ዝገለጸ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ፖሊሲ ኢሚግሬሽን ሃገሩ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምቲታት፡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ክሰጉግ ምዃኑ ኣብ ዝገልጸሉ ዘሎ እዋን እዩ።

ፕረዚደንት ኮሎምብያ ጉስታቮ ፔትሮ ከም መልሱግብሪ ናይ'ቲ ምፍርራሕ ኣብ ልዕሊ እታው ንብረት ኣመሪካ ተወሳኺ ቀረጽ ከምዝጉብር ገሊጹ ነይሩ። ኑቶም ብኸብሪ ከምዝይተታሕዙ ዝገለጾም ስደተኛታት ሃገሩ ብሲቪላውያን



ነፈርቲ እንተዘይኮይኑ፡ ብነፈርቲ ወግእ ከምዘይቅበል'ውን ገሊጹ ነይሩ። እንተኾነ ሓሳቡ ብምቕያር እቶም ስደተኛታት ወላ'ውን ብወተሃደራውያን ነፈርቲ ተጻዒኖም እንተመጽኡ ከምዝቕበሎም ኣፍሊጡ ኣሎ።

በዚ ድማ፡ እቲ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ከይለዓዓል ተሰጊኡ ዝጸንሐ ንግዳዊ ምስሕሓብ ንምዝሓኡ ከምዝሓደአ ጸብጻባት ሓቢሮም። ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኮሎምብያ ንንግዳዊ ንጥፈታት ሃገሩ ዝትንክፍ ስጉምቲ እንተወሲዳ ብወገኑ ኣብ ልዕሊኣ እገዳታት ከንብርን ተወሳኺ ታሪፍ ክስልዕን ምዃኑ ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይግለጽ። ቤት-ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ዝሓለፈ ሰንበት ኢጋምሸት ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ግን፡ ኮሎምብያ ኑቶም ስደተኛታት ክትቕበሎም ከምዝተሰማምዐትን፡ ኣመሪካ ድማ ኑቲ ወጠናቶ ዝነበረት መቕጻዕቲ ከም ዘይተተግበርን ገሊጹ ኣሎ።ኮሎምብያ፡ ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ሳልሰይቲ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ኣመሪካ ምዃና ይፍለጥ።

ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ስልጣን ካብ ዝርከበ ንደሓር ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእ ህጹጽ ሃገራዊ ድንጋገ ምእዋጁ ይዝከር።

## ፍልስጤማውያን ናብ ሰሜናዊ ቓዛ ይምለሱ

እስራኤል፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ምስ ምንቅስቓስ ሓማስ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ድሕሪ ምኽታሙ፡ ንፈለማ እዋን ተመዛቢሎቲ ፍልስጤማውያን ናብ ሰሜናዊ ክፋል ወሽመጥ ቓዛ ክምለሱ ከምዝጀመሩ ተሓቢሩ።

ብመሰረት እቲ ስምምዕ፡ ሓማስ ጅሆ ዝሓዞም እስራኤላውያን ምስ ኣማኢት ፍልስጤማውያን እሱራት ናይ ምልውዋጥ መስርሕ ክባበር ጀሚሩ ምህላዉ ይፍለጥ።

እንተኾነ ኣብ መንጎ ገለ ምስንኻላት ስለዝተራእየ፡ እቲ ኣቓዲሙ ብመንገዲ ሰብኣዊ ኮሪደር ኑትዛሪም ክኸፍድ ዝተወጠነ ምምላስ ፍልስጤማውያን ብኽልተ መዓልታት ተደናጕዩ ከምዝጸንሐ ጸብጻባት ሓቢሮም።ይኹን'ምበር እቲ ክርክር ብመንጎኛታት ድሕሪ ምፍታሑ፡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ኣብ መዓስከራትን ኣብያተ-ትምህርቲን ተዓቝቦም ዝጸንሑ ፍልስጤማውያን ናብቲ ብደብዳብ ዝዓነወ ዓድታቶም ናይ ምምላስ ተስፋ ረኺቦም ምህላዎም ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ቓዛ ዝተበጽሐ ተኹሲ ደው ናይ ምባል ስምምዕ ኑቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሓማስን ክሳብ ሕጂ ዝተኻየደ ከበድ ኲናት ንምህዳእ ዝዓለመ እዩ። እስራኤል፡ ድሕሪ'ቲ ብ7 ጥቅምቲ ብሓማስ ዝተፈነወ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ፡ ንወሽመጥ ቓዛ ብኣልማማ ድሕሪ ምድብዳብ ብዓሰርታት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰላማውያን ፍልስጤማውያን ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ከምዝኾኑ ይፍለጥ።

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2023 ኣስታት ሓደ ሚልዮን ሰባት ናብ ደቡባዊ ቓዛ ክሃድሙ እንከለዉ፡ ኣማኢት ኣሽሓት ድማ ኣብ'ቲ ሰሜናዊ ክፋል ከምዝተረፉ ይሕበር።



## ደ.ሪ.ኮንጎ - 'ኤም23' ንከተማ ጎማ ተቈጻጺሩዋ



ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም23'፡ ኣብ ምብራቕ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ንእትርከብ ዝዓበየት ከተማ 'ጎማ' ከምእተቘጻጸረ ኣፍሊጡ።

መንግስቲ እታ ሃገር፡ ዝሒ ኤም23 ንከተማ ጎማ ከምእተቖጻጸራ ዘመልክት መግለጺ ናይቲ ጉጅለ እኳ እንተነጸገ፡ ነበርቲ'ታ ከተማ ግና እቶም ዕጡቓት ንሰራዊት እታ ሃገር ብምድፋእ ኣብ ጉደናታት እታ ከተማ ከምዝኣተዉ ዘርኢ ቪደዮታታት ኣብ ኢንተርነት ይዝርግሑ ኣለዉ።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብወገኑ፡ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ልዑል ሰብኣዊ ቅልውላው ኪጋጥም ከምዝኽእልን ዞባዊ ኲናት ድማ ክይለዓል ከምዝሰግእን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኣብ ከባቢ ጎማ ዝርከቡ ኣገደስቲ ጽርግያታት ተዓጽየም ከምዘለዉ፡ መዓርፎ ነፈርቲ እታ ከተማ ድማ ድሕሪ ሕጂ ሰባት ንምውጻእን ሰብኣዊ ጸዐርታት ንምስላጥን ክውዕል ከምዘይክእል እቲ ውድብ ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓደት መዓልታት፡ ብሪጣንያ፡ ፈረንሳ፡ ጀርመንን ኣመሪካን ዝርከብኦን ሓያሎ ሃገራት ዜጋታተን ካብ ጎማ ክወጹኡ ምእዛዘን ይጥቀስ።

ንዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣብ ምብራቓዊ ኮንጎ ኣብ መንጎ ኤም23ን ሰራዊት'ታ ሃገርን ክኻየድ ብዝጸንሐ ቀጻሊ ጎንጺ ብዓሰርታት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰባት ከምእተመዛበሉ ይፍለጥ።

መንግስቲ ኬንያ፡ ምቁራጽ ተዃቡእ ክግበር ክጸውዕ እንከሎ፡ ኣብ ዝቕጽል መዓልታት መራሕቲ ደ.ሪ.ኮንጎን ሩዋንዳን ህጹጽ ዞባዊ ኣኼባ ከምዝካየዱ ጸዊዑ ኣሎ።

ኤም23፡ ኣብ ምብራቕ ኮንጎ ንዝርከቡ ዓሌት ቱትሲ ንምክልኻል ብዝብል፡ ኣብ 2012 ጨንፈር ካልእ ዕጡቕ ጉጅለ ኩይኑ ዝተመስረተ ዕጡቕ ሓይሊ እዩ።

ይኹን'ምበር ገለ ተንተንቲ ፖለቲካ፡ "ሩዋንዳ ንኤም23 ተጠቒማ ከም ወርቂ ኮልትን ታንታለምን ዝኣመሰሉ ማዕድናት ምብራቓዊ ክፋል ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ትምዝምዝ ኣላ" ክብሉ ይኸሰሱ።

## ኣብ ናይጀርያ 70 ኣባላት ቦኮ ሓራም ተቐቲሎም

ሰራዊት ናይጀርያ፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ግዝኣት ቦርኖ ብዝካየዶ ተኸታታሊ ወተሃደራዊ ስርሒታት 70 ዕጡቓት ቦኮ ሓራም ከምእተቐተሉ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ዝሓለፈ ሰንበት ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ ካብ 16 ክሳብ 25 ጥሪ ዝተኻየደ ስርሒታት፡ ካብ'ቶም ዝተቐትሉ ዕጡቓት ሰለስተ ላዕለዎት መራሕቲ ናይ'ቲ ጉጅለ



ከምዝርከብዎም'ውን፡ እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ'ቲ ስርሒታት 22 ወተሃደራት ናይጀርያ ከምዝተቐትሉን ካልኦት ሓያሎ ድማ ከምዝቖሰሉን ተሓቢሩ።

ካብ መጀመርታ 2000ታት ጀሚሩ ኣብ ናይጀርያ ናዕቢ ክካይድ ዝጸንሐ ቦኮ ሓራም፡ ህይወት ዓሰርተታት ኣሽሓት ሰባት ዝቐዘፈ ግብረሽበራዊ መጥቃዕቲ ከምዝካየደ ይፍለጥ።

እቲ ጉጅለ፡ ካብ 2015 ጀሚሩ መጥቃዕትታቱ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ካሜሩን፡ ጫድን ኒጀርን ብምዝርጋሕ፡ ኣብ መሬት ቀላይ ጫድ ብውሑዱ 2 ሽሕ ሰባት ቀቲሉ።

ብተወሳኺ፡ ብኣማኢት ኣሽሓት ዝቖጸሩ ናይጀርያውያን ካብ መንበሪ ኣባይቶም ከምእተመዛበሉ ይሕበር።

## ቤላሩስ - ፕረዚደንት ሉካሼንኮ ንሻውዓይ እብረ ተመሪጹ

ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሼንኮ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ከምእተዓወተ ተገሊጹ።

ፕረዚደንት ሉካሼንኮ፡ ኣብ'ቲ ኣርባዕተ ሕጹያት ተወዳዲሮቲ ዝተሳተፉሉ ፕረዚደንታዊ ምርጫ፡ 86.8 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ እዩ ንሻብዓይ እብረ ተዓዊቱ ዘሎ።

ሓላፊ ማእከላይ ኮሚሽን ምርጫ እታ ሃገር ብሰኑይ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ "ፕረዚደንት መረጽና ኣለና" ክብል ንህዝቢ ቤላሩስ ናይ እንቋዕ ሓጎሰና መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።

በዚ ድማ እቲ ን 31



ዓመታት ንቤላሩስ ዝመርሓ ፕረዚደንት፡ ንተወሳኺ 5 ዓመታት ኣብ ስልጣን ክጸንሕ እዩ።

ቀንዲ መሻርኽቲ ፕረዚደንት ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ዝኾነ ፕረዚደንት ሉካሼንኮ፡ ኲናት ዩክሬን ካብ ዝጀመረ ንደሓር ካብ ምዕራባውያን ሃገራት ተደጋጋሚ እገዳታት ይጉጥሞ ከምዘሎ ይፍለጥ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ፍረ-ኣወሊዕ | 28/01/2025 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.ገዛ 43 ልዕሊ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ | 163485 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ	ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services